በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ። ኣሜን።



# ንቤተ ክርስትያን ሓዋርያዊት ዘብላ እንታይ ኢዩ?


ቀሲስ ብርሃነ ጠዓመ

ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ


መበል 14 ዓመታዊ ጉባኤ፡ መድኃኔ ዓለም ኣትላንታ፡ ጆርጅያ።

ነሓሰ (August) 2012 ዓ. ም ፈረንጂ

ሓምለ ፳፻፬ ዓ. ም ግእዝ

www.tewahdo.org

# ቤተ ክርስትያን ማለት እንታይ'ዩ?

❖ ቤተ ክርስትያን ዝፈላለየ ትርጉም ኣለዎ፥ ንምእመናንን፤ ህንጻ ቤተ ክርስትያንን ከኣ ይውክል።

❖ምእመናን፥ ብኣብ፤ ብወልድ፤ ብመንፈስ ቅዱስ ስም ዝተጠምቁ ብጎይታ ኢየሱስ ምድሓን ዘኣመኑ ክርስትያን ምእመናን ቤተ ክርስትያን ይበሃሉ። “

❖ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ መዓይይተይ፡ ጵርስቅላን ኣቂላን፡ ሰላም በሉለይ።ኣብያተ ክርስትያን ኣሕዛብ ኩለን እየን ዘመስግናኦም። ነታ ኣብ ቤቶም ዘላ ቤተ ክርስትያንን ሰላም በሉለይ። ሮሜ.16፥4፤5

❖1ይ.ጴጥ. ትኤምሃክሙ ህርይት ቤተክርስትያን እንተውተ ባቢሎን፤እታ መተሓርይት'ኹም ዝኾነት ኣብ ባቢሎን እትርከብ ቤተ ክርስትያን ሰላም ትኩም ኣላ።

❖ግብ.20፥28 ስለዚ ንርእስ'ኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ቤተ ክርስትያን ኣምላክን ክትጓሰዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ኤጲስቆጾሳት ገይሩ ኣብኣ ዝሸመኩም ኩሉ መጓሰ ሓልዉ።

❖1ይ.ቆሮ3፥16 ቤተ መቅደስ ኣምላ'ኽ ም'ዃንኩምን  መንፈስ ኣምላ'ኽ ኣባ'ኹም ሓዲሩ ምህላውን ዶ? ኣይትፈልጡን ኢ'ኹም፤

# ቤተ ክርስትያን ማለት እንታይ'ዩ?

❖ ካልኣይ ትርጉም ቤተ ክርስትያን ከኣ ንህንጻ ቤተ ክርስትያን ይውክል።

❖እዚ ህንጻ እዚ ቤተ ክርስትያን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፥ክርስትያን ኣሕዋት ንጸሎት ዝእከቡሉን ምስጢራት ቤተ ክርስትያን ዝፍጸመሉን ስለ ዝኾነ እዩ።

❖ፍትሓ. መን. ኣን1 ቤተ ክርስትያንሰ ቤተ ጸሎት ይእቲ፤ቤተ ክርስትያን ናይ ጸሎት ቤት እያ። (ማቴ.21፥13)

❖ኣብ መጽሓፈ ዲድስቅልያ (ኣን.ጽ15ን30) ስርዓት ኣሰራርሓ ህንጻ ቤተ ክርስትያን ዝብል ነንብብ።

❖ንቤተ ክርስትያን ሃዋርያዊት ዘብላ እንታይ እዩ?

❖“እምበኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እተነድቕኩም፡ ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳን ስድራ ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር፡ ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኮንኩምን” ኤፌ 2፡19-20

## ❖ንቤተ ክርስትያን ሃዋርያዊት ዘብላ እንታይ እዩ?

## ❖ኃዋርያዊ መሠረት ምስ ዝህልዋ እዩ።
## ንሕና ሓዋርያዊ መሰረት ኣሎናዶ?

❖ቅ. ማርቆስ ወንጌላዊ ዘእስክንድርያ ወንጌላዊ ዘእስክንድርያ

❖ ሓደ ካብቶም 72 ኣርድእቲ፡ ካብ ኣመንቲ ስድራ ቤት ዝተወልደ።

❖ (ቤት ማርያም ኣደ ማርቆስ) ናይ መጀመርያ ቤተክርስትያን ምንባራ (ግ. ሃዋርያት 12፡12)።

❖ ኣብ ቤቶም ምስጢር ቅዱስ ቁርባን ምፍጻሙ (ማቴ. 26፡26-30)

❖ ምራድ መንፈስ ቅዱስ (በዓለ መንፈስ ቅዱስ) ኣብ ቤቶም ምንባሩ (ግ. ሃዋርያት 2፡1-4)

❖ ንእስክንድርያ ካብ ኣምልኮተ ጣኦት ናብ ኣምነት ክርስቶስ ከምዘምጽኦም፤ ብኣምለኽቲ ጣዖት ብ 68 ዓ.ም. ብሰማዕትነት ሓለፈ።

❖ማርቆስ ዘኣንበሳ፡ ጣኦታት ግብጺ ብናይ ኣንበሳ ሓይሊ ስለዝስዓሮም።



- ናይ ቤተ ክርስትያንና ሃዋርያዊ ስንሰለት እንታይ ይመስል?
- ቅ. ኣትናቴዎስ 1ይ (326-373) => ኣቡነ ፍረሚናጦስ (መጽሓፈ ስንክሳር ናይ 26 ሓምለ ግእዝ)
- ክሳብ ቅ. ቄርሎስ 3ይ (1929-1950) መሪሕነይ ግብጻውያን ኣቦታት ጸኒሑ
- ንመጀመርያ ግዜ ብ31 ግንቦት 1929 ጳጳሳት ሓበሻ ንኽቅብኡ ቅዱስ ሲኖዶስ ግብጺ ፍቓድ ሂቡ።
- ናይ መጀምርያ ፓትርያርክ ኢትዮጵያ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ባሲሎስ (መስከረም 14, 1951)
- ክሳብ 5ይ ፓትርያርክ ኣቡነ ጳውሎስ በጺሖም ይርከቡ።

# ❖ናይ ቤተ ክርስትያንና ሃዋርያዊ ሰንሰለት እንታይ ይመስል?

## ብዛዕባ ቤተክርስትያን ኤርትራ ሕቶ ተላዕለ

❖ብ1929 ዓ.ም ኣብ ሞንጎ ናይቲ ግዜቲ ገዛእቲ ኤርትራ፡ ጥልያንን ፓትርያርክ ግብጺ ኣቡነ ዮሃንስን ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ኤርትራውያን ኦርቶዶክሳውያን ብቐጥታ ኣብ ትሕቲ ናይ ግብጺ ፓትርያርክ ኪመሓደሩ ዝብል ነበረ።

❖ስለዚ ዝቕብኡ ካህናት ኣብ ክንዲ ናብ ኢትዮጵያ ናብ ግብጺ ከይዶም ማዕርግ ክህነት ይቕበሉ ኔሮም።

❖ንኣብነት ቀዳማይ ፓትርያርክ ኤርትራ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ፊሊጶስ ብ1926 (ግእዝ) ብኢድ ፓትርያርክ ግብጺ ኣቡነ ዮሃንስ ማዕርግ ክህነት ተቀቢኦም።

❖ ነጻነት ዘይምህላው ዘስዓቦ ምኽንያት፡ ኣቡነ ማርቆስ ጳጳስ ናብ ግብጺ ከይዶም ኪሽየሙ ዝተገብረፈተነኣይተሳኽዐን፡ ናይ መጀመርያኤርትራዊ ጳጳስ ብ1937 ብኢድ ኢትዮጵያዊ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ኣብርሃም ተሸሙ።

❖ቤተክርስትያን ኤርትራ ድሕሪ ነጻነት፡ ብፁእ ኣቦና ኣቡነ መቃርዮስ ብኣካልን ብግብርን ዝዓየይሉ ስለዝኾነ ብዓሎም ኪነግሩና ይምረጽ።



❖ 1ይ ፓትርያርክ ኣቡነ ፍሊጶስ (1998-2002)



❖2ይ ፓትርያርክ ኣቡነ ያዕቆብ (2002-2003)

❖3ይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ (2003- ቐጻሊ )



❖ንዓና ሰዓብቲ ሐዋርያት ዘብለና እንታይ እዩ?
❖ብትምህርቶምን ኣሰሮምን ምስ እንኻዓዝ።

ግብ.5÷29 “ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምእዛዝ እዩ ዚግባእ።”

ሮሜ.8÷15 ንስኻትኩምሲ ነቲ ብእኡ ጌርና ኣባ፡ ኣቦ፡ ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውልድነት ኢኹም እተቐበልኹም እምበር፡ ናብ ፍርሃት ክትምለሱ መንፈስ ባርነት ኣይተቐበልኩምን።

ሮሜ.8÷17 እምበኣር ውሉድ ካብ ኰንና፡ ወረስቲ ድማ ኢና፡ ንኣምላኽ ወረስቱ፡ ንክርስቶስ መዋርስቱ ኢና። ምስኡ ሓሳረ መከራ እንተ ጸገብናስ፡ ምስኡውን ክንከብር ኢና።

ማቴ.5÷16 ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም፡ ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኼመስግንዎ፡ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ።

❖ንዓና ሰዓብቲ ሐዋርያት ዘብለና እንታይ እዩ?

❖ብትምህርቶምን ኣሰሮምን ምስ እንጓዓዝ። ንኣምላኽ ካብ ምእዛዝ ንድሕሪት ዝኀተና ነገራት እንታይ እዩ?

ዕብ.11፥24 - 25 ሙሴ ምስ ዐበየ፡ ወዲ ጓል ፈርኦን ከይብሀል፡ ብእምነት ኣበየ እሞ፡ ካብ ንጊዜኡ ብሓጢኣት ባህ ዝብሎስ ምስ ህዝቢ ኣምላኽ ደኣ መከራ ኺጸግብ ሐረየ።

2ይ.ጢሞ.2፥11 –12 እዚ ዝስዕብ እሙን ቃል እዩ፡ ምስኡ እንተ ሞትናስ፡ ምስኡ ኽኣ ብህይወት ክንነብር ኢና። እንተ ተዐገስና፡ ምስኡ ኽኣ ክንነግስ ኢና። እንተ ኽሐድናዮ፡ ንሱውን ኪኽሕደና እዩ።”

እብ.3፥14 - ነታ መጀመርታ እሙንቶና ኽሳዕ መወዳእታ ኣጽኒዕና እንተ ሐዝናያስ፡ መማቅልቲ ክርስቶስ ንኸውን።